# ዘይሕጋዊ ውሳኔ ውድብ ሕቡራት ሃገራት

እዚ ኣብ ታሕሳስ 2009 ብ1907/2009 ዝፍለጥ ዘይሕጋዊን ዘይሓላፍነታውን ውሳኔ እገዳ ተዋሂቡ። ኣብዚ ውሽጢ 8ተ ዓመታት ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተወሰደ ውሳኔ እንተ ርኢና ኣብ ሰሜን ኮርያን ኢራንን ቀሪቡ ነይሩ እዚ'ውን እንተኾነ ብዙሕ ኣካቲዑ ምንባሩ ኵላትና ንፈልጦ ሓቂ እዩ። ስለምንታይ ነዘን ሃገራት'ዚኣተን ዝብል ሕቶ ምስ ዝለዓል ህላዌ ናይ ስነ ቀመማዊ ትሕዝቶ ስለ ዝኮነ ኣብዚ ምዙሕ ግዜ ከጥፍእ ኣይደልን።
እገዳ ንመን ይግብእ ዝብል ሕቶ ምስ ዝለዓል ብዙሕ ክዝረብ ይከኣል እዩ። ምስ ደገዝማቲ መን ተማጓቲ ኮይኑ ደኣ'ምበር።

- ሓንቲ ስምርቲ ይጉዝላብያ ብዘመን ቲቶ ዝሰመረት ዝበታተነን ህዝቢ ዘህለቐን ንብረት ዘዕነወ መን እዩ፣
- ኢራቕ ብሰላም ምስእን ኣብ ቀዳመይቲ ደረጃ ሒዛ ዘላ ሃገር ልዕሊ 1ሚልዮን ህዝቢ ዝጠፍአ ስለምታይ፧
- ኣፍጋኒስታን ጥራሕ ከይኣክል ኣብ ፓኪስታን መዓልታዊ ብነፈርቲ ዝመውት ዘሎ ሰላማዊ ህዝቢ ብመን፧
- ኵለን ማእከለላይ ምብራቕ ብኵናት ዝሕመሰ ዘለዋ ኣብ ምንቲምንታይ፧
- ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ከይነግስ ሓዊ ዘናኽስ ዘሎ መን ይኸውን፧
- ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዘሎ ጓህሪ መን ወሊዕዎ፧
- ኣብ ኤውሮጳ ቅሂሙ ዝነበረ ዝሑል ኵናት ከም ብሓድሽ ላምባ ዝንስንስ ዘሎ መን ኮን ይኸውን፧
- ላቲን ኣመሪካ ነንሕድሕደን ተፋቒረን ተሓጋጊዘንን ከይነብራ ኣብ ማእከልን ኣትዩ ዘናቝተን ዘሎ መን እዩ፧
- ማሕበራዊ ቁጠባ ዓለምና ናብ ዝኸፍኤ ደረጃ ወዲቑ ዘሎ ካበይ ዝነቐለ እዩ፧ ምሕንጻጽ ገባቲ ፓሊሲ፧ ቍጠባ ዓለምና ብሓይሊ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽሮም ከእትው ዘይፈንቀልዎ እብኒ ኣይነበረን። ብስስዐ ዓይኖም ዓዊሩ ነቲ ኣብ ኢዶም ዝነበረ ሃብቲ ፈንዮን ኣእዳዎም ኣብ ዓለምና ዘርግሕዎ። ኢቲ ዝተዘርግሐ ኣጻብዕ ድማ ሃብቲ ዘይኮነ ሓምኹሽቲ ሓፊሱ ተመልሰ። እቲ ኢዶም ክዝርግሑ ከለው ዝወደቐ ቍጠባ ንናይ ዓለምና ከይተረፈ ለኻኺምዎ ዓረበ። ብዙሕ ኽትንተን ምተኻእለ ግን ነዚ ዘይፈልጥ ሰብ ስለ ዘየሎ ምግላጹ ብዙሕ ትርጉም የብሉን።

እምብኣርከስ እገዳ ንመን መድለየ እንተ ኢልና ንሃንደስቱ ድኣ'ምበር ንዓና ኣይምተገብአአን።
ኣብ ኣርእስተይ ክምለስ ንሓደ ህጻን ንኽዓቢ ትምግቦ ትከናኸኖ ትሃንጾ ተምህሮ ድኣ እምበር ኣይትቐትሎን።
ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ድቂ ምስ ሓዘት ብገለ ሰባት ንኽስደድ ብዙሕ ተጽዕኖ ይወርዳ፧ እቲ ህጻን ምስ ተወልደ'ውን እንተኾነ እቶም ክስደድ ኣለዎ ዝብሉ ንኽይዓቢ መርዚ ካብ ምንስናስ ዓዲ ኣይውዕሉን። ናይ ኣመሪካ ኣምር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ካብዚ ዝፍለ ኣይነበረን።

ኤርትርዊ ግን ኣይተዳህለለን ንኸሉ ውዲታት መኪቱ ነጻነት ጨቢጡ ሃገር ኣውሒሱ ናብ ልምዓት ጕደና መሪሹ።

ነዚ ብኣመሪካ ዝተሃንደሰ ዘይሕጋዊ እገዳ ድማ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ኤርትራዊ ዕለት 22.02.2010 ብዘሾርዕ ኣገባብ ግብረ መልሲ ሂብሉ። ንመንግስትን ህዝብል ንምፍልላይ ዝጠጆእዎ ዕረ ባዕልኹም ጨልጥዎ፥ ንሕናስ ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ ኢና ደጊም ሎምስ ይኣክል ክብሎም ውዒሉ። እዛዕለት'ዚኣ ንዓና ንሕዝቢ ኤርትራ ድማ ሓድነትና ንህዝቢ ዓለም ዘመስከርናላ ዕለት ክብል እደፍር። ገለ ሃሱሳት ነዚ ዘኽርዕ ሓድነትና ሰይምስሉ ክህቡ ዝፈተኑ ኣይተሳእኑን ግንከ ምሕረት የውርደልኩም ብምባል እሓልፎ።

ኣበይ ድኣ ኣሎ እቲ ሰባኣዊ መሰልን ድሞክራሲን ዝበሃል። ህዝቢ ብጕረርኡ ምሓዝ፥ ምጭፍጫፍ፥ ምእሳር፥ ምቕታል ምፍርራሕ፥ ምግብዕባዕ፥ ኣብ ትሕቴና ስገድ፥ ንሕና ዝበልናካ ግበር፥ ዓይንኻ ተዓመት፥ ደቅስ ፍንሕኒሕ ኣይትበል፥ እዚ እዩ እምብኣር ናይ ኣመሪካ ሰብኣዊ መሰልን ዲሞክራስን።

ብሓይሊ ደቂሰባት ከተመርክኽ ምፍታን ሽግር እምበር ፍታሕ ኣየመጽእን ኮታስ ጥፍእትካ የቀላጥፍ ሓያሎ ርእሰ ሓያላን ንዓለምና ንምብርካኽ ተበጊሶም፥ ብዕሎም ድማ ጠፍኣቶም ኣቀላጢፎም። ብጕረሮ ምሓዝ፥ ምሕናቕ፥ ምቕታል፥ ምእሳር ጸላእቲ ምብዛሕ ኣምበር ውጽኢት የብሉን እዚ ድማ ኣፍጋኒስታን፥ ኢራቕ፥ ኢራን፥ ፓኪስታ፥ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። እቲ ዝሓሸ ስነሓሳብ ምቕታል እምበር ደቂሰባት ምቕታል ምእሳር ምጽናት ውጽኢቱ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ እዩ። ዲሞክራሲ ዝበሃል ስነሓሳብ ምቕታል እምበር ደቂ ሰባት ምቕታል ኣይኮነን።
ዘእምን ስነሓሳብ ኣብ ህዝቢ ኣስሪጽኻ ናይ ተቐናቐንትኻ ስነሓሳብ ዕዳጋ ከምዘይረክብ ምጽዓር፥ ብኡ ኣቢልካ ድማ ከም ዝበንን ምግባር። እምብኣርከስ ገለ ሰባት ናይ ኣመሪካ ዲሞክራሲ ከም መዓልታዊ ጸሎት ክውድሱ ዝውዕሉ ኣይተሳእኑን።
ውዳሲኦም ድማ ውዳሴ ኮንቱ ምኻኑ በዚ ኣጋጣሚ ክሕብሮም እፈቱ

ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና
ሓድነትና ይደልድል
ዓወት ንሓፋሽ

ተስፋይ ጀርመን